Mitthem

EUROPEISKA UNIONEN
Europeiska regionala utvecklingsfonden

# Hållbara tillsammans

## መንበሪ ቤትን ትግባሪኡን



## ተግባራዊ ፡ ቀጻልነት ዘለዎ መንበሪ ቤት



ተኻሪኹም እትነብሩሉ ኣፓርታማ ፡ ክፋል ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኮይኑ ብኹላትና ነበርቲ ምምሕዳር ሱንድስቫል ዝዉነን እዩ። ከም ተኻረይቲ ኣፓርታማ ንዝወሃቡ ኣገልግሎታት ክትጥቀሙሉ መሰል'ኳ እንተለኩም፡ ብግቡእ ናይ ምሓዙ ሓላፍነት'ዉን ኣለኩም ማለት እዩ። ስለ'ዚ ገጀፍቲ ክሳራታት ንኸየጋጥሙ ትነብሩሉ ኣፓርታማ ጽቡቕ ገይርኩም ክትሕዙ ይግባእ።

መንበሪ ቤት እንዳኣረገ ክኸይድ ንቡር እኳ እንተኾነ ዘይንቡር እርጋንን ብልሽትን ምስ ዘጋጥም ንምዕራዩ ዝወጽእ ወጻኢታት ብነበርቲ ይኽፈል። በዚ ምኽንያት'ዩ እምበኣር ናብ ክራይ ቤት መጀመርታ ክትኣትዉ ከለኹም ከማኡ'ዉን ገዲፍኩሞ ክትወጽኡ ከለኹም ተቖጻጻርቲ መጺኦም ኩነታት እቲ ቤት ዝግምግሙ።

ነዚ ዝምልከት ሕቶ ምስ ዝህልወኩም ፡ ናብ ኣገልግሎት ዓማዊል ደዊልኩም ክትዉከሱና ትኽእሉ ኢኹም።

### ተኻረይቲ ካሕሳ ክትከፍሉ ካብ ትግደዱሉ ገለ ኣብነታት ፦

- ኣብ ዉሽጢ ቤት ሽጋራ ብምትካኽኩም ፡ ንምጽራዩ ዝወጽእ ወጻኢታት
- ብሸለልትነትኩም ዘጋጠመ ሰበባ (ኦሞዲታ)
- መፍትሕ ኣጥፊእኩም ሓደሽቲ መፋትሕ እንክቕየር
- ዝተሰብረ መዓጹን መሳኹትን

ቤትን ኣብኡ ዘሎ ንብረትን ብኽንክን ናይ ምሓዝ ሓላፍነት ናይ ተኻረይቲ ሙኳኑ ኣብ ዉዕልን መምርሒ ሕጊ ክራይ ኣባይትን ተጠቒሱ ኣሎ።

### ተኻረይቲ ባዕልኹም ክትገብሩዎ ካብ ዝግባእ ጽገናታት ገለ ኣብነታት ፦

- ኣብ ኣፓርታማ ዝርከቡ ቅልል ዝበሉ ከም ምእሳር ዝዘለቐ ብሎኒ ዝኣመሰሉ ጽገናታት
- ምቕያር ኣምፑል
- በራንዳ ፡ ካንቸሎ ፡ መዐሸጊ መኪናን ኣፍደገ ቤትን ምክንኻንን ምጽራይን
- ምቕያር ፍዩዝ ናይ ኮንታተረ



# ክሽነ

## ክዝዉተር ዝግባእ ተግባር

- ኣብ ዓመት ሓንሳብ መበረዲት ፍርጅ ብምጥፋእ ፡ በረድ ኣምክኹ
- መዉጽኢ ትኪ ሕልፍ ሕልፍ ኢልኩም ኣጽርዩ
- ካብ ባልዕን ሓሳኹን ንምክልኻል ክሽነ ብጽሬት ሓዙ
- ትጥቀሙሉ ዓይነት መሕጸቢ-ኣቑሑ ንኣከባቢ ዘይሃስይ ሙዃኑ ዘርእይ ምልክት ከም ዘለዎ ኣረጋግጹ
- መቕለዊ ባዴላ ቅድሚ ብማይ ምሕጻብኩም ብ ወረቐት ክሽነ ገይርኩም ነቲ ዘይዲ ድረዙ

## ክዝዉተር ዘይግባእ ተግባር

- ኣብ ሻምብቆ ረሳሕ ማይ ፡ ዘይቲ ኣይትኽዓዉ
- ተረፍ መረፍ መግቢ ኣብ ሻምብቆ መኽዓዊ ረሳሕ ማይ ኣይትጉሓፉ
- ኣብ ግዜ ምሕጻብ ኣቑሑ ቡምባ-ማይ ቀጻሊ ክፈስስ ኣይትሕደጉ፣ ቡምባ እንዳ ዓጸኹም ተጠቐሙ
- ጎሓፍ ቤት ነዊሕ ኣይቀመጥ
- ፎርኖ ተወሊዓ እንከላ ከፊትኩም ኣይትግደፉዋ
- ሓተላ ቡን ኣብ ሻምብቆ ረሳሕ ማይ ኣይትኽዓዉ

## ኣጓሕፋ ዘይቲ

ተረፍ ዘይቲ ምስ ዝሓለ ይሓፍስ እዩ። ስለ'ዚ ኣብ ሻምብቆ መኽዓዊ ረሳሕ ማይ ቀጥታ ምስ እንኽዕዎ ናብ ስብሒ ተቐይሩ ክዓብሶ ይኽእል እዩ። እዚ ሻምብቆታት ምስ ተዓብሰ ምዕልቕላቕ ማይ ከኸትል ይኽእል።



## Gör så här:

ነቲ ልብጥ ዝበለ ዘይቲ ካብ ባዴላ ብመንቆርቆር ናብ ሓደ ብራኳ መሳሊ ኣዕርቑዎ። እቲ መትሓዚ ምስ መልአ ብመኽደኒ ሓቲምኩም ምስ ተቓጻልቲ ጎሓፋት ጉሓፉዎ።

## መዉጽኢ ትኪ ኣጽርዩ

መዉጽኢ ትኪ ናይ'ቲ ኣፓርታማ ርዉሓት (ቨንቲለሽን) እዩ። ዘይትን ደሮኖናን ኣብ'ቲ መናፊት (ፊልትሮ) ጠቢቖም ክዓብሱዎ ይኽእሉ እዮም። እዚ እቲ ርዉሓት ብግቡእ ንኸይሰርሕ ዕንቅፋት ይኸዉን። ብዘይካ እዚ ፡ ዝረስሑ መናፊት ጠንቂ ባርዕ ሓዊ ኪኾኑ ይኽእሉ እዮም።



## ከምዚ ዝስዕብ ግበሩ ፡

ነቲ ሰኪዔት ብክልተ ጫፍ ብምጽቃጥ ንታሕቲ ክፈቱዎ።

ነቲ መትሓዚ ጠዊቕኩም ብምኽፋት ነቲ መንፊት ኣዉጽኡ። ነቲ ፊልትሮ ብመሕጸቢ ኣቑሑ ኦሞን ዉዑይ ማይን ሕጸቡዎ።



መንፊት ምስ ጸረየ መጀመርታ ኣብ መትሓዚኡ ትእቱዉዎ። ብድሕሪ እዚ ነቲ ሰኪዔት ኣቐዲምኩም ናይ ድሕሪት ክፋሉ ተንክስዎ ፡ ብምቕጻል ድማ ነቲ ናይ ቅድሚቱ ደፊእኩም ተግጥምዎ ማለት እዩ።

## ምምካኽ በረድ ካብ መብረዲ (ፍሪዘር)

መበረዲ በረድ ምስ ትሸፈን ብዙሕ ጸዓት እያ እተህልኽ። ስለ'ዚ እንተዉሓደ ኣብ ዓመት ሓንሳብ ነቲ በረድ ከነምክኾ ይግባእ እዩ። እዚ ንምቑጣብ ጸዓት ጥራይ ዘይኮነ መግቢ ከምቲ ዝግባእ ንነዊሕ ግዜ ክዕቀብ'ዉን ይሕግዝ'ዩ። እዚ በረድ ናይ ምምካኽ መስርሕ ኣብ ግዜ ክረምቲ ክግበር ይምረጽ። ምኽንያቱ ነቲ ኣብ መበረዲ ዘሎ መግቢ ክሳብ እታ መበረዲት ትጻሪ ንግዚኡ ኣብ ግዳም ኣብ በረድ ከይተበላሸወ ክጸንሓልኩም ይኽእል እዩ ።

ኣብ ትሕቲ መበረዲ ማይ ይነጥብ ከይህሉ ሐሓሊፍኩም ተኸታተሉ።





## ከምዚ ዝስዕብ ግበሩ፦

ኩሉ ትሕዝቶ (መግቢ) ካብ መበረዲ ኣዉጽኡ። ኤሌክትሪክ ኣጥፊእኩም ማዕጾ መበረዲ ከፊትኩም ሕደግዎ።

እታ ታሕተወይቲ ተመዛዚት ንዝመኸኸ ማይ መእከቢ ክትጠቅመኩም ንግዚኡ ከየዉጻኹም ግደፉዋ። ኣብ ባይታ መወልወሊ ጨርቂ ኣዉድቑ። እቲ በረድ ቀስ ኢሉ ብገዛእ ርእሱ ክመክኽ ግደፉዎ። እታ መበረዲ ክትሰበር ስለ ትኽእል ብበሊሕ ነገር ሃሪምኩም በረድ ከተልግሱ ኣይትፈትኑ።

ቅድሚ ምዉላዕኩም ኩላ እታ መበረዲ ብግቡእ ከም ዝደረቐት ኣረጋግጹ። እቲ ዝተደልየ ዓቐን ዛሕሊ ምስ ተበጽሐ ፡ ኣዉጺእኹምዎ ዝነበርኩም ትሕዝቶ ናብ ቦትኡ ምለሱዎ።

# ዓይኒ ምድሪ

## ክልመድ ዝግባእ ተግባር

- ኣብ ግዜ ምብራሽ ኣስናን ቡምባ እንዳዓጸኹም ተጠቐሙ
- ኣካላትኩም ነዊሕ ሰዓታት ካብ ምሕጻብ ኮነ ኣብ ባስካ ካብ ምእላኽ ተቖጢብኩም ሓጺር ግዜ
- ምሕጻብ (ሻወር) ኣዘዉትሩ።
- ማይ ንባይታ ከይክዖ መጋረጃ መሕጸቢ ኣካላት ተጠቐሙ
- ጎሓፍ ኣብ ሻምብቆታት ረሳሕ ማይ ምእንቲ ከይጉሓፍ መእከቢ ጎሓፍ ኣብ ዓይኒ ምድሪ ኣዳልዉ።

## ክልመድ ዘይግባእ ተግባር

- መሕጸቢ ኣካላት ባዕልኹም ከተገጣጥሙ ኣይፍቀድን እዩ
- መናድቕ ዓይኒ ምድሪ ጠሊ ምስ ኣተዎ ኦሞዲታ ከስዕብ ስለ ዝኽእል ፡ ክነኩል ኣይግባእን እዩ
- ዓይኒ ምድሪ ማይ እንዳገጨብኩምን እንዳጨቀኹምን ኣይተጽርዩ
- ኣብ ሽቓቕ ካብ ሽንቲ-ማይ ፡ ቀልቀልን መሓበሲ ወረቐትን ወጻኢ ካልእ ኣይትደርብዩ
- ከም ካዉስቲክሶዳ ዝኣመሰሉ ንዝተዓብሰ ሻምብቆታት ንምኽፋት ዘገልግሉ ኬሚካላት ኣይትጠቀሙ

## ሻምብቆታት ማይን ፋኞቱራ ዓይኒ ምድርን

ማይ ኣብ መሕጸቢ-ኢድ ወይ መሕጸቢ-ኣካላት ምስ ፈሰሰ ብሻምብቆ ረሳሕ ማይ ክሓልፍ ግዜ ይወስድ እንተልዩ ፡ እቲ ሻምብቆ ብጸጉሪ ፡ ተረፍ ሳሙናን ካልእ ረስሓትን ተሶጒዱ ኣሎ ማለት እዩ። እዚ እቲ ረሳሕ ማይ ብግቡእ ተኻዕዩ ከይከይድ ይገትኦ።



### መሕጸቢ-ኢድ ዝምልከት ከምዚ ዝስዕብ ግበሩ፡-

መጀመርታ ኣፍ ሻምብቆ በጻብዕትኹም ወይ ብመጣበቒ ፕላስተር ዕበሱ። ኣብ ልዕሊኡ ድማ መንፍሒ ሽቓቕ ኣንብሩሉ። ፍርቂ ባስካ መሕጸቢ-ኢድ ማይ ብምምላእ ብመንፍሒ ሽቓቕ ነፊሕኩም ኣኺዱዎ። እዚ መስርሕ እንተዘይሓጊዙ ወይ’ዉን መንፍሒ ሽቓቕ እንተ ዘይብልኩም ነቲ ሻምብቆታት ፈታቲሕኩም ብምጽራይ ከተኺዱዎ ፈትኑ።



ረሳሕ ማይ ኣብ ባይታ ከይከዓወኩም ኣብ ትሕቲ መሕጸቢ ኢድ ሻንኬሎ ኣዳልዉ። ነቲ ብታሕቲ ዘሎ ሻምብቆታት ረሳሕ ማይ ብኢድኩም ፍትሑ። እቲ ሻምብቆታት ብቐሊሉ ክስበረኩም ስለ ዝኽእል ሓጻዉን መፋትሕ ኣይትጠቀሙ።

ምስ ኣጽረኹሞ ኩሉ ሻምብቆታት ናብ ቦትኡ እሰሩዎ። ጽቡቕ ገይሩ ከም ዝሰጠመን ናይ ማእከል ሽቦ መስጠሚ ጎማ ኣብ ቦትኡ ከም ዘሎን ኣረጋግጹ። ድሕሪ እዚ መስርሕ እዚ ሕጂ’ዉን ተዓቢሱ እንተልዩ ናብ ኣገልግሎት ዓማዊል ደዊልኩም ሓብሩ።

### መሕጸቢ ኣካላት ዝምልከት ከምዚ ዝስዕብ ግበሩ፡-

እታ መንፈት ምስ ኣልዓልኩማ ፡ ኣብ ዉሽጢ ሓንቲ መዝቆቕት ኣላ። ንላዕሊ ገጽኩም ኣልዒልኩም ጸጉሪን ካልእ ዝተላገበ ረስሓትን ኣልግሱ። ብድሕሪኡ ንታ መዝቆቕት ናብ ቦትኣ ብምምላስ ብግቡእ ኣስጥሙዋ።



ካብዚ ዝተፈልየ ዓይነት ፋኞቱራ እንተሃሊዩኩም በዚ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ ኣገባብ ጽሬት ክጸርይ ኣይክእልን እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ ደዊልኩም ሕተቱ።
ኣብ

### ኣብ ሽቓቕ ዝኸዶ ሽንቲ-ማይ፡ ቀልቀልን መሓበሲ ወረቐትን ጥራይ እዩ።

ካልእ ኩሉ ጎሓፍ ኣብ መእከቢ ጎሓፍ ይእከብ። ጎሓፍ ኣብ ሽቓቕ ምስ ዝጎሓፍ ግን ሻምብቆታት ይዕበስ ጥራይ ዘይኮነ ፡ ኣብ ቤትኩምን ቤት ጎረባብትኹምን ሓደጋ ምዕልቕላቕ ኪጋትጥም ይኽእል እዩ።

## ሰበባ (ኦሞዲታ) ኣወግዱ

ናይ ጠሊ ሃስያን ኦሞዲታን ኣብ ዓይኒ ምድሪ ከጋጥም ፡ ልሙድ ተርእዮ እዩ። ኦሞዲታ ንጥዕና ሃሳዪ'ዩ ፡ ንዝወረድ ሃስያ ናይ ቤት ንምጽጋን ድማ ብዙሕ ገንዘብ ይሓትት። በዚ ምኽንያት ሃስያ ጠሊን ኦሞዲታን ከይኮነ ኸሎ ኣቐዲምና ክንከላኸል ይግባእ።



ቀንዲ ጠንቂ ሃስያ ጠሊ ወይ ኦሞዲታ ግጉይ ኣጸራርያ ዓይኒ ምድሪ እዩ።

- ኣብ ዉሽጢ መንደቕ ዝርከብ ጠሊ ዘየሕሉኽ መከላኸሊ ፕላስቲክ ተቐዲዱ ጠንቂ ኦሞዲታ ክኸዉን ስለ ዝኽእል ፡ መናድቕ ዓይኒ ምድሪ ኣይተንኩሉ
- ኣብ ግዜ ምጽራይ ዓይኒ ምድሪ ብምሕጸቢ ኣካላት እንዳገጨብኩም መናድቕ ምሕጻብ ኣወግዱ። ኣብ ክንድኡ ብመወልወሊ ባይታን መድረዚ ጨርቅን ተጠቐሙ።
- ካብ ምሕጸቢ ኣካላት ማይ ናብ ባይታ እንተተኻዕዩ ፡ ነቲ ማይ ጸሪግና ናብ ፋኛቱራ ንኽዓዎ ወይ ድማ ብጨርቂ ወልዊልና ነድርቆ።

## ማይ ብቑጠባ ተጠቐሙ



ኣብ መብዛሕትኣን ኣባይቲ ሚትሄም ፡ ሕሳብ ማይ ብመጠን ሃልኪ ብተኻረይቲ እዩ ዝኽፈል። ማይ ብቑጠባ ብምጥቃም ጸዓትን ገንዘብን ክትቁጥቡ ትኽእሉ ኢኹም።

- ካብ ባስካ ማይ መሊእኩም ምእላኽ ፡ ሓጺር ሻወር ኣዘዉትሩ
- ኣብ ግዜ ምብራሽ ኣስናን ፡ ቡምባ እንዳዓጸኹም ተጠቐሙ
- ናይ ኣቕሑ ወይ ክዳዉንቲ ሓጻቢት ማሽን ዝሕጸብ ምስ መልኣት ጥራይ ኣበግሱዋ
- ኣቑሑ ብኢድ ኣብ ትሓጽቡሉ እዋን ሽሓኒ ተጠቐሙ
- ብብልሽት ምኽንያት ቡምባ ወይ ሽቓቕ ማይ የንጥብ እንተልዩ ቀልጢፍኩም ናብ ኣገልግሎት ዓማዊል ሓብሩ

## መስመር ማይ ዕጸዉ

ኣብ ኣፓርታማኹም ሻምብቆታት ማይ ነቒዑ ማይ ከንጥብ እንተጀሚሩ ፡
ኣብ ዓይኒ ምድሪ ብዝርከብ መዕጸዊ ተጠቒምኩም መስመራት ማይ ክትዓጽዉ
ትኽእሉ ኢኹም።





## ከምዚ ዝስዕብ ግበሩ፡-

ኣብ መንደቕ ዝተንጠልጠለ ሽቓቕ እንተኾይኑ ኣብ ልዕሊኡ ሓደ ብማግነት ዝተጣበቐ
መኽደኒ ዘለዎ ከፋት ኣሎ። ኣብ ዉሽጡ ቀያሕን ሰማያዊትን መቆጻጸሪታት ኣለዋ።
በዚኣተን መስመር ማይ ሙሉእ ብሙሉእ ዕጸዉ። ብድሕሪኡ ናብ ኣገልግሎት
ዓማዊል ደዊልኩም ሓብሩ።

እቲ ልሙድ ዓይነት ማለት ኣብ ባይታ ዝቖመ ሽቓቕ እንተኾይኑ ግን ባዕልኹም
መስመር ማይ ክትዓጽዉ ኣይትኽእሉን ኢኹም። እንታይ ደኣ ብልሽት ኣጋጢሙ
ማይ ክፈስስ ምስ ዝጅምር ብቐጥታ ናብ ኣገልግሎት ዓማዊል ብምድዋል ሓብሩ።
ምቕያር

## ምቕያር ሻምብቆታት ማይ

ሻምብቆታት ማይ ከም ንኣብነት ቡምባ ሽሓኒ ኢድ ፡ ተኻረይቲ ባዕልኹም ፈታቲሕኩም ክትቅይሩ
ኣይፍቀድን እዩ። ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ጠንቂ ሃስያ ጠሊ (ኦሞዲታ) ብግቡእ ዘይተኣስረ ቡምባን
ሻምብቆታትን እዩ። ብዛዕባ እዚ ዝምልከት ሕቶ እንተለኩም ናብ ኣገልግሎት ዓማዊል ደዊልኩም
ተወከሱ።



# ሓይሊ ኤሌ ክትሪክን መሞቒ ገዛን

## ክልመድ ዝግባእ ተግባር

- ክትወጽኡ ከለኹም መብራህቲ ኣጥፍኡ
- ሓይሊ ኤሌክትሪክ ንምቑጣብ ሓደ ግዜ ኣብ ዓመት መበረዲ ብምጥፋእ በረድ ኣምክኹ
- ሙቐት ቤት ከም ዝግባእ ዝርግሐ ንኽህልዎ ኣብ መሞቒ ቤት (ኤሌመንት) ንብረት ኣይተጸግዑ።
- መሳኹቲ ንሓጺር ግዜ ከፊትና ንፋስ ኣእቲና ቀልጢፍና ንዕጸዎ እምበር ብኽፉቱ ኣይንግደፎ።

## ክልመድ ዘይግባእ ተግባር


- ዉሑስ ሶኬት ዘይብሉ ገመድ ኤሌክትሪክ ባዕልኹም ኣይተለጋግቡ
- ሶኬታት ፈታቲሕኩም ዝተፈላለየ መስመር ኤሌክትሪክ ከተናዉሑ ኣይፍቀድን እዩ
- ዝተቓጸለ ፍዩዝ ሓደገኛ ክኸዉን ስለ ዝኽእል ኣይትጸግኑ
- መናዉሒ ገመድ ናብ ግዳም ወይ በራንዳ ምዝርጋሕ ኣይፍቀድን እዩ
- ናይ ኳረንቲ ገመድ ኣብ ትሕቲ መዓጹ ወይ መሳኹቲ ኣይትቐርቅሩ

## ምቕያር ፍዩዝ
ኣብ ናይ ፍዩዝ ሳጹን ንልዑል ዋሕዚ ኤሌክትሪክ ዝከላኸላ ፍዩዛት ኣለዋ። ዝተፈላለዩ ብኤሌክትሪክ ዝሰርሑ ነገራት ኣብ ሓደ እዋን ተጠቒምና ጽዕነት ምስ ዝበዝሕ ፡ ፍዩዝ ብምቅጻል ፡ ሓደጋ ከይወረደ ኤሌክትሪክ ይቋረጽ ማለት እዩ።

## ከምዚ ዝስዕብ ግበሩ፥
ኣብታ ሕብራዊት ነቑጣ ናይታ ፍዩዝ ተመልከቱ። እታ ሕብራዊት ነቑጣ እንተመኺኻ ፡ ፍዩዝ ተቓጺላ ኣላ ማለት እዩ። እዚ ምስ ዘጋጥም ብ ምስ ኣብ'ቲ ተቐባሊ ፍዩዝ ዘሎ ሓደ ዓይነት ሕብሪ ዘለዋ ሓዳሽ ፍዩዝ ንትክኣ። ባርዕ ሓዊ ከኸትል ስለ ዝኽእል ዝተቓጸለ ፍዩዝ ክትጽግኑ ኣይትፈትኑ።
ገለ ኣፓርታማታት ኣዉቶማቲክ ፍዩዝ ኣለወን። ጠንቂ ልዑል ጽዕነት እንታይ ምዃኑ ፈሊጥኩሞ ምስ ጸገንኩሞ ፡ እታ ባዕላ ጠፊኣ ዝጸንሐትኩም ፍዩዝ ንላዕሊ ገጽኩም ብምድፋእ ትዉልዑዋ።





### መሰኩዒ (ሶኬት) መተሓላለፊ ሓይሊ ኤሌክትሪክ እንተዘይብሉ
ከም ተኻረይቲ ሶኬት ዘለዎ እንተኾይኑ ጥራይ ኢኹም ሶኺዕኩም ክትጥቀሙ ትኽእሉ። ካልእ ዓይነት ዝሊጋገብ ገመዳት ኤሌክትሪክ ግን ብኤሌክትሪሻናት ጥራይ ክስራሕ ይግባእ። ብዛዕባ'ዚ ገመዳት ኤሌክትሪክን ሶኬትን ሕቶ ምስ ዝህልወኩም ናብ ኣገልግሎት ዓማዊል ደዊልኩም ተወከሱ።

# ሓይሊ ኤሌ ክትሪክን መሞቒ ገዛን




## ኮንታተረ

ኣብ መብዛሕትአን ኣባይቲ ኮንታተረ ኣሎ። ዝኾነ ናይ ኤሌክትሪክ ብልሽት ምስ ዘጋጥም ኮንታተረ ባዕሉ ብምምላስ ካብ ሓደጋ ይከላኸለልኩም።

## ከምዚ ዝስዕብ ግበሩ፡

ነታ እተመልሰት ኮንታተረ ወልዑዋ። ደጊማ እንተተመሊሳ ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ሶኬት ዝሶኺዕኩሞ ናይ ኤሌክትሮኒክ መሳርሒ እንተልዩ ፡ ካብ ሶኬት ኣውጺእኩም ነታ ኮንታተረ መሊስኩም ወልዑዋ።

ኣየነይቲ ናይ ኤሌክትሮኒክ መሳርሒ ከምዝኾነት እንተዘይፈሊጥኩምዋ ፡ ኩላተን ፍዩዛት ፈቲሕኩም ኣዉጽወን። ኮንታተረ ወሊዕኩም ክሳብ ነታ ኮንታተረ ትመልሳ ፍዩዝ ትረኽቡዋ ነተን ፍዩዛት በብሓደ እሰሩወን። በዚ ኣገባብ ኣብ'ታ ንኮንታተረ ትመልስ ዘላ ፍዩዝ ተተሓሒዛ ዘላ ሶኬት ተሶኺዓ ዘላ ናይ ኤሌክትሮኒክ መሳርሒ ኣየነይቲ ምዃናን ጠንቂ ናይቲ ምምላስ ኮንታተረ ኣበይ ምዃኑን ክንፈልጥ ንኽእል።


ኩላተን ፍዩዛት ወጽየን ከለዋ ኮንታተረ ትመልስ እንተሃልያ ግና ናብ ኣገልግሎት ዓማዊል ደዊልኩም ተወከሱ።

## ኮንታተረ ንምንታይ'ያ ትምለስ?

- ሓደ ካብ'ቲ ልሙድ ተርእዮ ምኽንያት ምምላስ ኮንታተረ ፡ ኤሌክቶኒካዊ መሳርሒ ጠሊ ምስ ዝኣትዎ እዩ። ናይ መብዛሕትኡ ጠንቂ ምምላስ ኮንታተረ እዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ ናይ ኤሌክትሮኒክ መሳርሒ እዮም።
- መፍልሒ ማይ
- መፍልሒ ቡን
- መስታረሪት (ፌሮ)
- መምልኢ (ቻርጀር) ናይ ሞባይል
- ኣብ በራንዳ ንጥቀመሎም ኣብ ሶኬት ዝኣተዉ ናይ ኤሌክትሮኒክ መሳርሒ

## መሞቒ ገዛ

ናይ ሚትሄም ኣባይቲ ናይ ዉሽጢ ሙቐት እንተዉሓደ 20 ዲግሪ ሰንቲግሬድ (20°C) ኮይኑ ክዕቀብ ይግባእ።
ናይ ቤት ሙቐት 21 ዲግሪ ሰንቲግሬድ (21°C) ምስ በጽሐ እታ ኣብ ቤት ዘላ መሞቒ (ኤሌመንት) ነቲ ኣብ ዉሽጣ ዝመሓላለፍ ዉዑይ ማይ ብምዕጻው ንግዚኡ ትጠፍእ። በዚ ምኽንያት እዩ ሓደ ሓደ ግዜ ዋላ ኣብ ግዜ ቁሪ ኤሌመንት ዚሒላ ንረኽባ።



### ኣዝዩ ምስ ዝዝሕል ከምዚ ዝስዕብ ግበሩ፡-

- ኣብ ቅድሚ ኤለመንት ዓበይቲ ኣቑሑ ወይ ነዋሕቲ መጋረጃታት ምስ ዝህሉ ሙቐት ዝግባእ ዝርግሐ ክህልዎ ኣይክእልን እዩ። ኤለመንት ከምቲ ዝግባእ ከተሙውቕ ኣብ ቅድሚኣ እንተዉሓደ ናይ 40 ሰንቲ ሜተር ነጻ ቦታ ክህሉ ይግባእ።
- መሳኸቲን ማዓጹ በራንዳን ጽቡቕ ገይሮም ዘይሰጥሙ እንተኾይኖም ወይ ጫፍ ጫፉ እንተኣሪጉ ወይ ተባላሸዩ ክትሕብሩ ይግባእ። እንተዘይኮይኑ ሙቐት ናይቲ ቤት በቲ ነቓዓት ሶሊኹ ክወጽእ ይኽእል እዩ። መስኮት ወይ ማዕጾ ብራንዳ ምስ ዓጸኹሞ ብዝግባእ ሰጢሙ ዘይዕጾ እንተኾይኑ ወይ ንፋስ ዝሑልኽ እንተኾይኑ ናብ ኣገልግሎት ዓማዊል ደዊልኩም ሓብሩ።
- ርውሓት (ቨንቲለሽን) ናይ ቤት ኣይተጥፍኡ። ኩለን ናይ ክራይ ኣባይቲ ጥዑይ ዝኾነ ዙረት ኣየር ከም ዝህልዎ ኮይኑ'ዩ ተሰሪሑ። ርውሓት እንተጠፊኡ ወይ ተዓቢሱ ግን እቲ ዙረት ኣየር ከም ዝግባእ ክኸዉን ኣይክእልን እዩ።

### ኤሌመንት ዝሒላ ድያ?

ኤሌመንትታት ኩሉ ግዜ ረሲነን ክህልዋ ኣለወን ማለት ኣይኮነን። ሓደ ሓደ ግዜ ብሓንቲ ወይ ክልተ ኤሌመንት ጥራይ እቲ ዝድለ ሙቐት ቤት ማለት 20 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ክብጻሕ ይኽእል እዩ። ስለ'ዚ እቲ ቀንዲ ክፍለጥ ዝድለ ኣብ ዉሽጢ ሓንቲ ክፍሊ ዝህሉ ሙቐት ክንደይ ምህላዉ እዩ።
ከምኡ`ዉን ሓንቲ ኤለመንት ኩለንትንኣ ክትረስን ናይ ግድን ኣይኮነን። ላዕለዋይ ክፋላ ጥራይ ረሲኑ ምስ ዝህሉ ፡ ከም ዝግባእ ትሰርሕ ኣላ ማለት እዩ። ብኣንጻሩ ታሕተዋይ ክፋላ ጥራይ ምስ ዝረስን ወይ ኣብ ዉሽጢ እታ ኤለመንት ጩብረቕረቕ ዝብል ድምጺ ነጠብጣብ ማይ እንተተሰሚዑ ፡ ምዕራይ ኣድልዩዋ ኣሎ ማለት እዩ። ስለ`ዚ ናብ ኣገልግሎት ዓማዊል ደዊልኩም ሓብሩ።

# ጎሓፍ

## ክልመድ ዝግባእ ተግባር

- ዘየድልየኩም ነገራት ኣይትዓድጉ ፡ ዉዒሉ ሓዲሩ ጎሓፍ እዩ ክኸዉን
- ተረፍ መግቢ ጸኒሑ ክብላዕ ስለ ዝኽእል ዓቅቡ
- ንብረት ኣብ እትዕድጉሉ ዘየድልይ መዐሸጊታት ኣወግዱ
- ሓደሽቲ ኣቕሓ ኣወጊድኩም ናይ ካልኣይ ኢድ ኣቕሓ ምዕዳግ ኣዘዉትሩ ፡ እዚ መጠን ጎሓፍና ክንክይ ይሕግዝ

## ክልመድ ዘይግባእ ተግባር

- ጎሓፍ ኣብ ጎደና ምድርባይ
- ካልኦት ዝጎሓፍዎ ነገራት ንቤትካ ምዉሳድ
- ጎሓፍ ኣብ ናይ ሓባር ቦታታት ከም ኣብ መደያይቦ (ኣስካላ) ምግዳፍ
- ተረፍ መረፍ ሕሩድ ከም ቆርበትን ካልእን ኣብ ናይ ሓባር መአከቢ ጎሓፍ ምጉሓፉ
- መድሃኒታት ኣብ መአከቢ ጎሓፍ ምጉሓፍ (ዘይትጥቀሙሉ መድሃኒታት ናብ ቤት መሸጣ መድሃኒት እዩ ዝምለስ!)
- ብፕላስቲክ ዝተሰርሐ መዐሸጊ ምስ ጎሓፍ ተረፍ መረፍ መግቢ ምሕዋስ

## ምዉጋን ጎሓፍ ተረፍ መረፍ መግቢ

ኣብ ናይ ከባቢኹም ቦታ መአከቢ ጎሓፍ ቡናዊ ሕብሪ ዘለዎ መአከቢ ጎሓፍ እንተሃልዩ ጎሓፍ ተረፍ መረፍ መግቢ ተፈልዩ ይዉገን። ኣብ’ዚ ዝተኣከበ ጎሓፍ ናብ ባዮጋዝ ተመስሪሑ ንጸዓት ተሸከርከርቲ የገልግል።



## ከምዚ ዝስዕብ ግበሩ፡

ጎሓፍ ተረፍ መረፍ መግቢ ኣብ ንዑኡ ዝተዳለወ ቡናዊ ዝሕብሩ ከረጺት ወረቐት ኣኪብዎ። እቲ ከረጺት ወረቐት ንገለ መዓልታት ምስ ተጠቐምኩምሉ ወይ ክሳብ ኣብቲ ከረጺት ዘላ ምልክት ሕንጻጽ ምስ መልአ ብግቡእ ተዓሺጉ ናብ ቡናዊ ዝሕብሩ መአከቢ ጎሓፍ ይጎሓፍ። ክሳዕ ኣፉ ካብ ሕንጻጽ ንላዕሊ እንተመሊኡ ምዕሻጉ ኣሸጋሪ ክኸዉን ይኽእል እዩ።

ከረጺት ወረቐት ብዝግባእ ንኽጠቅም ዝሕግዝ መትሓዚ መንጠልጠሊ ኣሎ። እዚ ኣብ ቤትኩም ምስ ዘይህልወኩም ናብ ኣገልግሎት ዓማዊል ደዊልኩም ተወከሱ።

ኣብ’ዛ ቡናዊ መአከቢ ጎሓፍ ካልእ ከም ፕላስቲክ ፡ ታኒካ ወይ ጥርሙዝ መሳሊ ክጎሓፍ ኣይግባእን።

### ጎሓፍ ተረፍ መረፍ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡

- ተረፍ መረፍ መግቢ (ብጥሪኡ ኮነ ዝበሰለ)
- ሕብስቲ
- ኣሕምልቲ ፡ ሱር ኣሕምልቲን ፍረታትን
- ሓተላ ቡንን ፊልተርን ከምኡ’ዉን ቆጽሊ ሻሂን መትሓዚኡን
- ሩዝ ፡ ሓሩጭን ፓስታን
- እንቋቑሖን ቅራፉን
- ቆርበት (ሽፋን) እንስሳ ባሕሪ
- ንኣሽቱ ዓጻጽምቲ በጊዕ ፡ ዓሳን ደርሆን
- ዕምባባታትን ኣቑጽልትን (ብዘይ ሓመድ)

## ምዉጋን ጎሓፍን ዳግመ ምምስራሕን
ኣብ ነፍሲ ወከፍ መጉሓፊ ቦታታት ብርክት ዝበሉ ሰማያዊ ዝሕብሮም በራሚላት ኣለዉ። እዚኦም መወገኒ ካብ ዝቃጸሉ ጎሓፋት ክፍለዩ ዝግባእ መዐሸጊታት እዮም። ኣብ’ዚ ዝእከቡ መዐሸጊታት ብዳግመ ምምስራሕ መሊሶም ከም ሓደሽቲ ኣቕሑ የገልግሉ። እዚ ኣገባብ ንተፈጥሮኣዊ ሃብቲ ምድርና ክንቁጥብ ይሕግዘና።

## ከምዚ ዝስዕብ ግበሩ፥
መትሓዚ (መዐሸጊ) ንዳግመ ምምስራሕ ይዉገን ደኣ እምበር ምስ ዝቃጻል ጎሓፍ ክጎሓፍ ኣይግባእን እዩ። እዚ ን ኣብ ዉሽጢ እቲ መትሓዚ ዝርከብ ትሕዝቶ ደሊኹም ዝዓደግኩሞ ኩሉ ከም ንኣብነት ጥርሙዝ ኬቻፕ ወይ መትሓዚ ማልሜላታ የጠቓልል።

መዐሸጊ ኮነ ጋዜጣታት ብመሰረት ማተርያላዊ ትሕዝትኦም ተመምዮም ኣብ ሰማያዊ በራሚል ይጎሓፉ። ሹዱሽተ ተፈላልዮም ክጎሓፉ ዝግባእ ማተርያላት ኣለዉ።

- ብ ወረቐት ዝተሰርሐ መዐሸጊ
- ብ ፕላስቲክ ዝተሰርሐ መዐሸጊ
- ብ ታኒካ ዝተሰርሐ መዐሸጊ
- ብ ሕብራዊ ጥርሙዝ ዝተሰርሐ መትሓዚ
- ብ ሕብሪ ኣልቦ ጥርሙዝ ዝተሰርሐ መትሓዚ
- ጋዜጣታት

መትሓዚ (መዐሸጊ) ዘይኮነ ኩሉ ማለት ን ኣብ ዉሽጡ ዘሎ ትሕዝቶ ደሊኹም ዘይዓደግኩሞ ፡ እዚ ሰማያዊ በራሚል ቦትኡ ኣይኮነን። ዝቃጻል ጎሓፍ ስለ ዝኾነ ምስ ዝቃጸሉ ጎሓፋት ቤት ተሓዊሱ ኣብ ቀጠልያ በርሚል ይጎሓፍ።

ብዘይካ ሰማያዊ በርሚል ካልኦት መትሓዚ ሳናዱቕ ናይ ባተሪታት ፡ ኣምፑላትን ንእስ ዝበሉ ኣቓሑ ኤሌክትሮኒክን’ዉን ኣለዉ። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ነገራት ኣብ ነናቶም ይዉገኑ እምበር ምስ ዝቃጸሉ ጎሓፋት ቤት ተሓዊሶም ክጎሓፉ ኣይግባእን።

















## ዓበይቲ ጎሓፋት
ዓበይቲ ጎሓፋት ማለት ከም ኣቑሑ ገዛ ፡ ብሽክለታን ቴሌቭጅንን ዝኣመሰሉ ማለት እዩ። ዓበይቲ ጎሓፋት ኣብ ተራ መእከቢ ጎሓፍ ክጎሓፉ ኣይግባእን። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ጎሓፋት ናብ ናይ ኮሙን ማእከል ዳግመ ምምስራሕ ወሲድኩም ጉሓፉዎ። ኣብ ገለ ካብ ኣባይትና ናይ’ቲ ከባቢ መእከቢ ዓበይቲ ጎሓፋት ኣለና።

## ሓደገኛ (መርዛም) ጎሓፍ

ክትጉሕፉዎ ደሊኹም ዘለኹም ኣቕሓ ድምጺ ዝገብር ፡ ዝበርህ ወይ ዝንቀጻቐስ እንተኾይኑ ናይ ኤሌክትሮኒክ ንብረት እዩ። እዚ ምስ ሓደገኛ ንብረት ስለ ዝጽብጸብ ኣብ ተራ መኣከቢ ጎሓፍ ክጎሓፍ ዘይኮነስ ናብ ማእከል ዳግመ ምምስራሕ ክዉሰድ ይግባእ። ንምስራሕ ኤሌክትሮኒካዊ ኣቑሑ ዘድልይ ማዕድናት ብረት ሕጽረት ስለ ዘሎ ፡ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ኣቑሑ ንዳግመ ምምስራሕ ክንመልሶም ኣገዳሲ እዩ።










## ከምዚ ዝስዕብ ግበሩ፡

ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ መጉሓፊ ቦታ ፡ መትሓዚ ሳናዱቕ ንእስ ዝበሉ ኤሌክትሮኒካዊ ኣቑሑ ፡ ባተሪታትን ኣምፑላትን እንተሃልዩ ኣብኡ ወግኑዎ። ከምኡ'ዉን ክፍሊ መኣከቢ ዓበይቲ ጎሓፋት እንተሃልዩ ፡ ዓበይቲ ኤሌክትሮኒካዊ ኣቑሑ ከም ቴሌቭጅን ኣብኡ ክዉገን ይከኣል። እዚ ኣብ ከባቢኹም ምስ ዘይህሉ ግና ኤሌክሮኒካዊ ኣቑሑ ፡ ኣምፑላትን ባተሪታትን ናብ ማእከላት ዳግመ ምምስራሕ ወሲድኩም ወግንዎ። ገለ ዱካናት'ዉን ባተሪ ክትገድፉሉ ትኽእሉ ኣገልግሎት ይህባ እየን።

## ኬሚካላት

ክትጉሕፉዎ ደሊኹም ዘለኹም ኬሚካላዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ከም ንኣብነት ቀለም(ቦያ) ወይ ላምባ እንተኾይኑ ምስ ሓደገኛ ጎሓፍ ይጽብጸብ። ኣዝማልቶን ናይ ጸጉሪ ስፕረይን'ዉን ሓደገኛ ጎሓፍ እዩ። እዞም ኬሚካላት ምስ ካልኡት ጎሓፋት ተጻምቢሮም ምስ ዝጎሓፉ ባርዕ ሓዊ ኣብ መኪና ጎሓፍ ወይ ቦታ መእከቢ ጎሓፍ ከኸትሉ ተኽእሎ ኣሎ። ስለዚ ዝኾነ ይኹን ኬሚካላዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ጎሓፍ ናብ ኣብ ሱንድስቫል ዝርከባ ብሰራሕተኛታት ዝካየዳ ሰለስተ ማእከላት ዳግመ ምምስራሕ ወሲድኩም ጎሓፉዎ።

# ቤት ሕጽቦ

## ክልመድ ዝግባእ ተግባር

- ንኣከባቢ (ሚልዮ) ከም ዘይብክል መረጋገጺ ምልክት ዘለዎ መሕጸቢ ኦሞ ተጠቐሙ
- ኦሞ ከየብዛሕኩም ከም ኣድላይነቱ ተጠቐሙ
- ሶፍትነር (መፍኮሲ) ኣይትጠቀሙ። ንክዳዉንቲ ኮነ ንኣከባቢ ሃሳዪ እዩ
- ቤት ሕጽቦ ነቶም ብድሕረኹም ዝሓጽቡ ፡ ከም ዝግባእ ኣጻራሪኹም ግደፉሎም
- ካብ መናፈት መንቀጺት ማሽን ዶሮናን ጸጉርን ንገፉ

## ክልመድ ዘይግባእ ተግባር

- ኣብ ሓጻቢት ማሽን ማይ ክትመልኡ ኣየድልን እዩ። እታ ሓጻቢት ባዕላ ማይ ትመልእ እያ።
- ቤት ሕጽቦ ፡ ካብ ምሕጻብ ክዳዉንቲ ወጻኢ ንኻልእ ኣይትጠቀሙሉ
- ረጃቤቶ ኣብ መሕጸቢ ከረጺት ከየእተኹም ኣብ ሓጻቢት ማሽን ኣይትሕጸቡ



## ሕጽቦ ኣብ ቤት ሕጽቦ

ኩላተን ሓጻብቲ ማሽናት ማይ ባዕላተን እየን ዝቕድሓ። ገለ ማሽናት ኦሞ'ዉን ባዕለን ዝገብራ ኣለዋ። ኩሉኹም እትሓጽቡ ጊዜኹም ኣኽቢርኩም ኣብ ሪጋኹም ክትሓጽቡ ይግባእ። ኣብ ናይ ካልእ ዝተታሕዘ ግዜ ምሕጻብ ኣይግባእን እዩ።



## ከምዚ ስዝዕብ ግበሩ፥

ምልእቲ ሓጻቢት ማሽን ከባቢ 70 ሚሊ ሊትር ኦሞ የድልያ። ኦሞ ምብዛሕ ንእንሓጽቦ ክዳዉንቲ ኣጸቢቑ የጽርዮ ዘይኮነስ ብኣንጻሩ እቲ ክዳዉንቲ ተረፍ መረፍ ኦሞ ተጻይቑ ክወጽእ ይኽእል እዩ።

ሶፍትነር (መፍኮሲ) ምጥቃም ልሙድ ተርእዮ እኳ እንተኾነ ፈጺሙ ዘይጠቅምን ዘየድልን እዩ። ኣብ ኣጠቓቕምኡ ድማ ጥንቃቐ ይሓትት። ብዝበለጸ ግን ዘይጠቅም ኬሚካላት ካብ ምጥቃም ንቆጠብ።

ጸዓት ንምቑጣብ ሓጻቢት ማሽን መሊእና እንተሓጸብና ጽቡቕ እኳ እንተኾነ ካብ ዓቕማ ንላዕሊ ምምላእ ግና ከባላሽዋ ስለ ዝኽእል ጽቡቕ ኣይኮነን። ዝሕጸቡ ዓለባታት መልጎሚ ሓጻውን ፡ መትሓዚ ወይ መእሰሪ ዘለዎም ከም ንኣብነት ረጂቤቶ እንተኾይኖም ኣብ መሕጸቢ ከረጺት ኣእቲና ክንሓጽቦም ይግባእ።

### ሕጽቦ ምስ ወዳእኩም ቤት ሕጽቦ በዚ ዝስዕብ ኣገባብ ብጽፈት ኣረክቡ

- ኣብ ጊዜኹም ብምዉዳእ ግዜ ሕጽቦ ኣኽብሩ
- ካብ መንቀጺት ማሽን ዶሮናን ጸጉርን ንገፉ
- መድረቒ ኣርማድዮ ኣጽርዮ
- ምድሪ ቤት ኮስትሩን ወልውሉን
- ሓጻብቲ ማሽናትን ባስካታትን ወልዉሉ

# ሓፈሻዊ ሓበሬታ

## ክልመድ ዝግባእ ተግባር

- ሕልፍ ሕልፍ ኢልኩም ሓባሪት ባርዕ ሓዊ ትሰርሕ ከም ዘላ ኣረጋግጹ
- ዝኾነ ይኹን ዓይነት ባልዕ ከም ዝኣተወኩም እንተጠርጢርኩም ብቕጽበት ሓብሩ
- ናይ ኣፖርታማኹም መናድቕን ምድሪ ቤትን ተኸናኸኑ
- እንስሳ ዘቤት ሒዝኩም ናብ ግዳም ኣብ ትወጹሉ ብገመድ ኣሲርኩም ሓዝዎም
- እንስሳኹም ቀልቀል ምስ ዘዉጽኡ ፡ ብፌስታል ኣልዒልኩም ጎሓፉዎ

## ክልመድ ዘይግባእ ተግባር

- ጠንቂ ሓደጋ ባርዕ ሓዊ ክኸዉን ስለ ዝኽእል ኣብ መደያይቦ (ኣስካላ) ንብረት ኣይተቐምጡ
- ክሎሪን ንኣከባቢ ሃስያ ስለ ዘለዎ ኣይትጠቀሙ
- ኣብ ኣፍ ደገ ወይ ዉን ኣብ ናይ ሓባር ቦታታት ኮይንኩም ሽጋራ ኣይተትከኹ
- ካብ ሽጋራ ነጻ ዝኾነ ገዛ ማለት ኣብ ሙሉእ እቲ ህንጻ ሽጋራ ምትካኽ ክልኩል'ዩ ማለት እዩ

## ጽሬት

ኣብ ኣፓርታማ ዝርከቡ ነገራት ዝተፈላለዩ ስለ ዝኾኑ ኣገባብ ኣጸራርያ'ዉን ዝተፈላለየ ክኸዉን ይጥለብ። ገለ ንብረት ተነቀፍቲ እዮም ፡ ንከይበላሸዉና ድማ ብትኽክል ዝኾነ ኣገባብ ከነጽርይ ይግባእ።



## ከምዚ ዝስዕብ ግበሩ፡

ብዕንጸይቲ ዝተሰርሐ ምድሪ ቤት ፡ ማይ ኣይፈቱን'ዩ። ስለዚ ብማሽን ሰሓቢት ዶሮና ቀጻሊ እንዳነገፍና ማክያ ከም ዘይሕዝ ንገብሮ። እቲ ብዕንጸይቲ ዝተሰርሐ ምድሪ ቤት ክትዉልዉሉዎ ግዲ እንተኾይኑ ግና ብዝተኻእለ መጠን ብኣዝዩ ዉሑድ ማይ ዝተርከሰ መወልወሊ ጨርቂ ተጠቀሙ። እታ መወልወሊ ክትጬቁ ዘይኮነስ ቁሩብ ጥራይ ኣጥሉሉዋ። መጸራረዪ ሳሙና ክትጥቀሙ እንተደሊኹም ፈሳሲ ኦሞ ኣንጥቡሉ። ኣብ መጠረሽታ እቲ ምድሪ ቤት ሙሉእ ብሙሉእ ከም ዝደረቐ ኣረጋግጹ።

### ኣቑሑ መጸራረዪ

ብዝተኻእለና ምጥቃም ኬሚካላት ከነወግድ ዝበለጸ እዩ። ኬሚካላት ክትጥቀሙ ናይ ግድን እንተኾይኑ ግን እቲ እትመርጹዎ ንኣከባቢ ናይ ዘይሃስይ ምልክት ዘለዎ ፡ ከም Bra Miljöval Svanen ወይ EU Ecolabel ምረጹ። ትርጉም እዞም ምልክታት ፡ እቲ መጸራረዪ ንኣከባቢ ዘይሃስይ ሙኺኑ የረጋግጹልና ማለት እዩ።

### ኣቑሑ መጸራረዪ

ብዝተኻእለና ምጥቃም ኬሚካላት ከነወግድ ዝበለጸ እዩ። ኬሚካላት ክትጥቀሙ ናይ ግድን እንተኾይኑ ግን እቲ እትመርጹዎ ንኣከባቢ ናይ ዘይሃስይ ምልክት ዘለዎ ፡ ከም Bra Miljöval Svanen ወይ EU Ecolabel ምረጹ። ትርጉም እዞም ምልክታት ፡ እቲ መጸራረዪ ንኣከባቢ ዘይሃስይ ሙኺኑ የረጋግጹልና ማለት እዩ።



## ድሕነት ባርዕ ሓዊ

ንድሕነት ተቐማጦ ፡ ኩላተን ኣፓርታማታት ሓባሪት ባርዕ ሓዊ ኣለወን። እዛ ሓባሪት ሓንሳብ ፒፕ ዝብል ድምጺ ጌራ ብድሕሪኡ ነዊሕ ጸኒሓ ድማ ትደግም እንተሃልያ ባተሪ ደኺሙ ኣሎ ማለት እዩ። ባዕልኹም ባተሪ ክትቅይሩ ተኺኢልኩም ጽቡቕ እንተዘይኮኑ ናብ ኣገልግሎት ዓማዊል ደዊልኩም ሓብሩ እሞ ተሓጋገዝቲ መጽዮም ክቕይሩልኩም እዮም። ኣብ ገለ ኣፓርታማታት ዝርከባ ሓበርቲ ባርዕ ሓዊ ልጉብ ዘይቅየር ባትሪ ኣለወን።




መጠወቒት ጠዊቕኩም ብምሓዝ ሓባሪት ባርዕ ሓዊ ብግቡእ ትሰርሕ ከም ዘላ ክትፍትኑዋ ትኽእሉ ኢኹም። ባተሪ ኮነ መጉልሒ ድምጺ ከም ዝግባእ ይሰርሕ ምስ ዝህሉ ፒፕ ዝብል ድምጺ ከተስምዓኩም እያ።



## ከምዚ ዝስዕብ ግበሩ፡

ንየማን ብምዙዋር ሓባሪት ባርዕ ሓዊ ካብ መንጠልጠሊኣ ፍትሑ። ብድሕሪ እታ ሓባሪት ዘሎ ባተሪ ብምዉጻእ ብካልእ ሓድሽ ባተሪ ተክኡ። መሊስኩም ክትኣስሩዋ ከለኹም ብግቡእ ከም ዝነኸሰት ኣረጋግጹ። ብድሕሪኡ ንጸጋም ብምዙዋር ኣስጢምኩም እሰሩዋ እሞ ትሰርሕ ከም ዘላ ድማ ኣረጋግጹ።

## ባርዕ ሓዊ ንምክልኻል

- □ እተወልዐ ሓዊ ከም ሽምዓ ብጥንቃቐ ንሓሉዉ
- □ ኣብ ቤት ኣብ ዘየለኹምሉ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ማሽን ወሊዕኩም ኣይትግደፉ
- □ ኩሉ ጊዜ ቅድሚ ምዉጻእኩም መኽሸኒ (ስፒስ) ጠፊኣ ከም ዘላ ኣረጋግጹ
- □ ናይ ክሽነ መዉጽኢ ትኪ ኣጽርዩ
- □ ኣብ መደያይቦ ኣቌሑ ኣይተቐምጡ
- □ ተለፎን ኣብ ግዜ ለይቲ ኣይትምልኡ (ቻርጅ ኣይትግበሩ)
- □ መምልኢ ተለፎን (ቻርጀር) ኣብ ዘይትጥቀሙሉ ግዜ ካብ ሶኬት ኣዉጽኡ

## ባልዕ

ዱዱዕ ኮነ ቱኽን ብቐሊሉ ክላብዑ ዝኽእሉ ሓሳኽ ስለ ዝኾኑ ሙሉእ ብሙሉእ ንኽጠፍኡ ሓቢርና ክንሰርሕ ናይ ኩላትና ሓላፍነት እዩ። ኣብ ቤትኩም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሓሳኽ ክህልዉ ከም ዝኽእሉ እንተጠርጢርኩም ብህጹጽ ናብ ኣገግልግሎት ዓማዊል ደዊልኩም ሓብሩ።





እዚ ኣገልግሎት ምጽራይ ሓሳኽ ብነጻ ማለት ብዘይ ክፍሊት እዩ ዝዉሃብ።

እዞም ሓሳኽ ብቐዳምነት ብተረፍ መረፍ መግቢ እዮም ዝሰሓቡ። ስለዚ ቤትና ብጽሬት ንዓቅብ ከምኡ'ዉን ተረፍ መግቢ ብኽፉቱ ኣብ ግዳም ምግዳፍ ነወግድ።

### ወራር ባልዕ ብህጹጽ ኣመልክቱ

ቤትኩም ባልዕ(ሓሳኽ) እንተኣትዮሙኹም ብህጹጽ ብቁጽሪ ስልኪ 060-13 95 00 ደዊልኩም ሓብሩ።

ፕሮጀክት ሓቢርና ንነባሪ ለዉጢ ፡ ፕሮጀክት ሕብረት ኤዉሮጳ ኮይኑ ፡ ንምዉሓስ ዝሓሸ መጻኢ ፡ ብምትሕብባር ቤ/ጽ ክፍሊ ማይን ጎሓፍን (MittSverige Vatten & Avfall) ከምኡ'ዉን ሚትሄም ይምራሕ።

ብመገዲ ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ስልጠና ዝህብ ቤት ትምሕርቲ ነባሪ ለዉጢ ፡ ምጽንባር ሕብረተሰብ ክጸንዕን ኣብ ዕለታዊ መነባብሮና ንኣከባቢ ዘይሃስይ ጥዑይ ምርጫ ክንመርጽን ይሕግዘና። ዕላምኡ ድማ ኣብ'ዘን ነዚ ፕሮጀክት ተመሪጸን ዘለዋ ኣከባቢ ናክስታን ኾንስበሪን ፡ ብዝሒ ጎሓፍ ክንክይን ኣጠቓቕማ ማይን ጸዓትን ክስተኻኸልን እዩ።

ካልእ ተወሳኺ ኣገዳሲ ዕላማ ድማ ን ምጽንባር ሕብረተሰብ ኣብ ናይ ስራሕ ዓለም ከገልግል ዝኽእል ተግባራዊ ሞደል ንምምዕባል እዩ።

Mitthem

MittSverige Vatten&Avfall

እዚ ሕትመት ፡ ብሓልዮት ፕሮጀክት ሓቢርና ንነባሪ ለዉጢ ፡ ብደገፍ ሕብረት ኤዉሮፓ ንኣዉራጃዊ ምዕባለ ዝተመወለ እዩ።

EUROPEISKA UNIONEN
Europeiska regionala utvecklingsfonden